Tigrigna - Number 62b
March 2017

# (ናይነድሪ ሳምቡእ ፖሊሳክራይድ ክታበት)
## Pneumococcal Polysaccharide Vaccine

ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ኣብ ካናዳ ካብ ዝተገብሩ ካልኦት ናይ ሕክምና መስርሓት ንላዕሊ፣ ክታበት ህይወት ሰባት ኣድሒኑ እዩ።

### እቲ ናይ Pneumococcal Polysaccharide ክታበት እንታይ ኢዩ?

The pneumococcal polysaccharide vaccine ካብ 23 ዓይነት ነድሪ ሳምቡእ ባክተርያ ይከላኸል እዩ። እዚ ክታበት ብጥዕና ካናዳ (Health Canada) ዝተረጋገጸ እዩ።

ናይ pneumococcal polysaccharide ክታበት ክፍሊ ናይቲ ኣብ ግዜ ቍልዕነት ልሙድ ዝኾነ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣይኮነን። ብዛዕባ እቲ ንቈልዑ ልሙድ ዝኾነ pneumococcal ክታበት ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብዚ ርኣHealthLinkBC File#62a Pneumococcal Conjugate (PCV 13) Vaccine።

### ነዚ ክታበት መን እዩ ክወስድ ዘለዎ?

ብሰንኪ pneumococcal ኣብ ከቢድ ሕማም ክወድቁ ዝኽእሉ ገለ-ገለ ሰባት። ንከምዚኦም ዝበሉ ሰባት እቲ ክታበት ብናጻ ይወሃበም፡ እንኮላይ ነዞም ዝስዕቡ ሰባት፡

- ብዕድመ ዝደፍኡ 65 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን፣ ከምኡ'ውን
- ኣብ ዝኾነ ይኹን ዕድመ ዝርከቡ ተቐማጦ መንበሪ ኣረጋውያን፣ ሓገዝ ዝረክቡ ወይ ብካልእ መሳለጥያታት ዝሕገዙ

እዚ ክታበት እዚ ንዝኾነ ይኹን ወዲ 2 ዓመትን፡ ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ ሰብ፡ ነዚ ዝስዕብ ናይ ጥዕና ኵነታት ምስዝህልዎ ብናጻ ክወሃቦ ይኽእል፡

- ብግቡእ ዘይሰርሕ ላልሽ፡ ወይ ላልሽ ዘይብሉ እንተኾይኑ፣
- ሕማም sickle-cell እንተሃልይዎ፡
- ብሰንኪ ሕማም ወይ ናይ ሕክምና ክንክን ዝመጸ ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም እንተደኣ ኣለዎ ኮይኑ፡
- ከም ሲሮሲስ ሕዱር ሀፐታይተስ B ወይ ሀፐታይተስ C ዝኣመሰለ ሕዱር ሕማም ጸላም ከብዲ ምስዝህልዎ፡
- ሕዱር ሕማም ኵሊት ምስዝህልዎ፡
- ሕዱር ሕማም ልቢ ወይ ሕማም ሳንቡእ ምስዝህልዎ፡
- ዋህዮ ወይ ተረር ክፍሊ ኣካላት ነቕለ ተኸላ፣ ወይ cochlear (ውሽጣዊ እዝኒ) ምትካል እንተገይሩ ወይ ከኣ ነቶም ነዞ ዝጽበዩ ዘለው፣
- ሱር ናይ ዋህዮ ምትካል፣
- ሽኮርያ፣ ሲስቲክ ፋይብሮሲስ ወይ ሕዱር ሕማም ናይ ሓንጐል ፈሳሲ ምፍሳስ፣
- ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ፣
- ግዳም ሓደር ሙኻን
- ዘይግቡእ ሓሸሽ ዝወስዱ ብፍላይ ከኣ እቶም ክራክ ኮከይን ንዘትክኹን ኢዮም።

እቲ 2^ይ ዓቐን ክታበት ነቶም እተወሰነ ናይ ሕክምና ጸገም ዘለዎም ሰባት ክወሃብ ኢዩ ዝምከር። 2^ይ ዓቐን ክታበት ክትወስድ ዘድልየካ እንተ ኮይኑን መዓስ ክትወስዶ ከም ዘሎካን ንምፍላጥ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ።

ንኹሉ እቲ እተቐበልካዮ ክታበታት ክትምዝግቦ ኣገዳሲ እዩ።

### ነድሪ ሳምቡእ ፖሊሳክራይድ (pneumococcal polysaccharide ) ክታበት እንታይ ረብሓታት ኣለዎ?

እዚ ክታበት እዚ ካብቲ ከቢድን ሓድሓደ ግዜ ሞት ዘስዕብን ሕማም ነድሪ ሳምቡእ ንምክልኻል እቲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።

ክታበት ምስእትወስድ ንኻልኦት' ውን ከተዕቊቦም ትኽእል ኢኻ።

### ድሕሪ እቲ ክታበት እንታይ ሳዕቤን ክፍጠር ይኽእል?

ክታበታት ኣዝዩ ውሑስ ኢዩ። ብነድሪ ሳምቡእ ካብ ምሕማም ነቲ ክታበት ምርካብ ዝሓሸ ኢዩ።

እቲ ልሙድ ሳዕቤን ናይቲ ክታበት ቊስሊ ምስሓይ፣ ምቕያሕ ከምኡውን ሕብጥታት ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ረስኒ'ውን ከጋጥም ይኽእል እዩ። እዚ ሳዕቤን እዚ ማእከላይን ብሓፈሻኡ ካብ 1 ክሳዕ 2 መዓልቲ ዝወስድን እዩ።

Acetaminophen (ንኣብነት Tylenol®) or ibuprofen* (ንኣብነት Advil®) ንረስኒ ወይ ቃንዛ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ASA (ንኣብነት Aspirin®) ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክወሃብ የብሉን ከመይሲ ሕማም Reye Syndrome ከስዕብ ስለ ዝኽእል እዩ።

*Ibuprofen መጀመርታ ንኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ከይተዘረብካ ነቶም ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ቈልዑ ክትህቦም የብልካን።

ብዛዕባ Reye Syndrome ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ኣብዚ ርአ HealthLinkBC File #84 Reye Syndrome።

ዝኾነ ይኹን ክታበት ድሕሪ ምውሳድካ ን 15 ደቓቕ ኣብቲ ክሊኒክ ክትጸንሕ ኣድላዪ ኢዩ፡ ከመይሲ ኣናፊላክሲስ (anaphylaxis) ዝበሃል ንህይወት ዘስግእ ቍጥዐ ኣካላት ካብ ሚልዮን ኣብ 1 ሰብ ዝርአ ሳዕቤን ከስዕብ ስለ ዝኽእል ኢዩ። እዚ ኸኣ ሕማም ቆርበት፣ ሕጽረት ምስትንፋስ ወይ ሕብጥታት ጐረሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ምልክታት ናይ ኣካላት እንተደኣ ኣሎካ ኮይኑ፡ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክሕክሞ ድሉው እዩ። ክንክን ህጹጽ ሕክምና ከም እኒ ምምሕዳር eኤፒነፍሪን (pinephrine) (adrenaline) ከምኡ ውን ብኣምቡላንስ ናብቲ ዝቐረበ ኽፍሊ ህጹጽ ሕክምና ምትሕልላፍን የጠቓልል። ካብቲ ክሊኒክ ምስ ወጻእካ ምልክታት ሕማም እንተድኣ ኣማዕቢልካ ናብዚ ደውል **9-1-1** ወይ ናብ ቍጽሪ ህጹጽ ኵነታት ደውል።

ነቲ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ብዛዕባ ከቢድ ወይ ዘይተጸበኻዮ ሳዕቤን ወትሩ ጸብጻብ ክትህብ ኣሎካ።

## ነቲ pneumococcal polysaccharide ክታበት ክወስዶ ዘይብሉ መን እዩ?

ምስ ኣላዪ ኽንክን ጥዕናኻ ተዘራረብ እንተድኣ ኣቐዲምካ ዝወሰድካዮ ዓቐን መድሃኒት pneumococcal ክታበት ወይ ዝኾነ ይኹን መጠን ናይቲ ክታበት ንህይወትካ ናብ ሓደጋ ዘእቱ እንተ ደኣ ኮይኑ

ኣብ ንኣሽቱ ቆልዑ ውጽኢታዊ ስለ ዘይኰነ እቲ pneumococcal polysaccharide ክታበት ንትሕቲ 2 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ክወሃቦም የብሉን። እዞም ቆልዑ እዚኣቶም ካብ 2 ወርሒ ኣትሒዞም pneumococcal conjugate ክታበት ይወሃቦም።

ብሰንኪ ቍሪ ወይ ካልእ ፈኲስ ሕማም ነቲ ክታበት ምውሳድ ከተደናጕዮ የብልካን። ይኹን እምበር ዘተሓሳስበካ ነገር እንተ ኣልዩካ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ክትዘራረብ ኣሎካ።

## ሕማም pneumococcal እንታይ እዩ?

ሕማም pneumococcal ብ*Streptococcus pneumoniae* ዝበሃል ባክተርያ እዩ ዝመጽእ። እቲ ባክተርያ ንከም እኒ መኒንጋይትስ፡ ረኽሲ ናይ ሓንጎል ዝሸፍን ኣካል፣ ሰፕቲሰሚያ፣ ረኽሲ ደም ከምኡውን ነድሪ ሳምቡእን ረኽሲ ሳምቡእን ዝኣመሰለ ከቢድን ንህይወትና ኣብ ሓደጋ ዘእቱን ሕማማት ከምጽኡ ይኽእል እዩ።

ነባሪ ጸገማት ናይቲ ናይ ሓንጎል ጕድኣትን ጸማምነትን ውን ዘጠቓልል ኢዩ። ነድሪ ሳምቡእ መኒንጋይትስ ካብ ዝሓዞም ሰባት 1 ካብ 4 ክሞቱ ይኽእሉ ኢዩ።

ሕማም ነድሪ ሳምቡእ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ብምስዓል፡ ብምህንጣስ ወይ ገጽ ንገጽ ብምርኻብ ዝመጽእ ኢዩ። ብምራቕ'ውን ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። እዚ ኸኣ ብምስዕዓም ወይ ምግቢ፣ መስተ፣ ሽጋራ፣ መጋየጺ ከንፈር፣ ሓርቢ ማይ፣ መከላኸሊ ኣፍ ድሕሪ ስፖርት ምስራሕ ወይ ብኣፍ ዝዝውተሩ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት ብሓባር ብምጥቃም ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

## ናይ ዓበይቲ ንእሽቶ ስምምዕ

ወለድን ሓለውትን ምስ ደቆም ብዛዕባ እቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎ ስምምዕ ክመያየጡ ይምከር። ትሕቲ 19 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንነፍሲ ወከፍ ክታበት ዘለዎ ጥቕምን ሳዕቤኑን ክርድእዎ ዝኽእሉን ከምኡውን ክታበት ተዘይወሲዶም ዘሎ ሓደጋ ክርድኡ ዝኽእሉ ነቲ ክታበት ምውሳድ ብሕጋዊ መገዲ ክሰማምዑሉ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ ኢዮም። ናይ ዓበይቲ ንእሽቶ ስምምዕ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ እንተደሊኻ ናብዚ ርአ HealthLinkBC File #119 ሕጊ ሕጻናት፣ ናይ ዓበይቲ ንኣሽቱ ስምምዕን ስርዓተ ምክልኻል ሕማምን።

ብዛዕባ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብዚ ብጻሕ ImmunizeBC ኣብ፡ https://immunizebc.ca/።

British Columbia | ImmunizeBC | BC Centre for Disease Control — An agency of the Provincial Health Services Authority

ብዛዕባ ፋይል ጥዕና BC (HealthLinkBC ) ዝገልጽ ኣርእስቲ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብዚ ብጻሕ www.HealthLinkBC.ca/healthfiles ወይ ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ክትከይድ ትኽእል። ኣብ B.C ህጹጽ ዘይኰነ ሓበሬታ ጥዕናን ምኽርን እንተ ደሊኻ ናብዚ ብጻሕ www.HealthLinkBC.ca ወይ ናብዚ ደውል **8-1-1** (ብናጻ ክፍሊት)። ንምስማዕ ዝተስኣኖምን ምስማዕ ዝኸብዶምን ናብዚ ደውል **7-1-1**። ትርጉም ኣገልግሎት ብልዕሊ 130 ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ።